


ብገንዘብ ጸወታ፣ቁማር ወይ ከኣ ምጥላዕ ጸወታ

## 1.1 ብገንዘብ ጸወታ፣ቁማር ወይ ከኣ ምጥላዕ ጸወታ

ብገንዘብ ጸወታ።(ቁማር) ንኩሉ ጸወታታት የጠቃልል፣

1 ኣብ ናይ ቁማር ቦታ ገንዘብ ተትሕዝ ብድሕሪኡ ትስዕር ወይ ትሳዓር፣-

2 ኣብዚ ጸወታ ንክትስዕርን ክትሳዓርን ከኣ ናይ ዕድል ጉዳይ ይኸውን፣

ናይ ጥበብ ጸወታታት ከም በዓል ቼዝን ብቀጥታ መስመር ኮምፒተር ማለት ናይ ኲናት ጸወታታት ኣየጠቓልልን እዩ።

ንኣብነት፣

ኣብ ካዚኖ ዝጽወቱ- መጣልዒ

ማሽን(ሩለት)፣ጠላዕ(ፖከር)፣ስሎት ማሽን፣

ዕጫ(ሎቶሪ)- ዕጫ(ሎቶ)፣ካርዲ ምሕካኽ፣ናይ ስፖርት ወደድራት

ተወሳኪ ጸወታ- ፣መጣልዒ ዳዶ ከምኡውን ሸተኽ በተኽ የጠቓልል።

ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ብቐጥታ መስመር ክትጻወቶም ትኽእል።



ድሌት ጸወታ ቁማር

## 1.2 ድሌት ጸወታ ቁማር

ኣብዚ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ብዙሕ ዝቀርቡ ሕቶታት ኣለው፣ ስለምንታይ ብገንዘብ ይጽወት፣ኣብዚ ዝተጠቕሰ ሕቶታት ሓሙሽተ ምኽንያታት ከነቕርብ ንኽእል።

- ንስምዒትካ ንምርዋይን ካብ ውጥረት ነጻ ንምኻን
- ሰብኣውነት ብዘየገድስ ሽውሃት ናይ ሃብቲ ምድላብ ብሓጺር መንገዲ ብቑማር ክዉን ምግባር
- ጸቕጢ ንምቁጽጻር
- ካብ ናይ ዕለታዊ ኩነተ ሂወት ምህዳም
- ንዘለካ ዕዳ ብቑማር ክትሽፍል ምፍታን



ምውሳኽ ወጥሪ

## 1.3 ምውሳኽ ወጥሪ

**ኣብዚ ሓፈሻዊ ሕቶታት፣ ስለምንታይ ናይ ቁማር ምጽዋት ጉዙእ ትኸውን?**

- መብዛሕቶም ጸወታ ብጣዕሚ ቅልጣፌ ስለዘሎውም ጸቅጢ ይፈጥሩልካ፣
- ብዙሕ መጠን ገንዘብ ኣብ ጃክፖት (Jackpot) ሰለ ዘሎ ንኽጻወቱ ይግደዱ
- ኣብቲ ናይ ቁማር ቦታ ብዙሕ ንዓይንኻ ዝስሕቡ ጽቡቕ ነገራት ስለዝረኣዩ፣ንባዕሎም ኣብቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ዓለም ይኣትዉ።በዚ ከኣ ተቃመርቲ ኣብቲ ናይ ቀጥታ መስመር ቁማር ምሉእ ብምሉእ ከምዝጥሕሉ ይግበር።
- ብዙሕ ግዜ ዝስዕሩ እንተ ኾይኖም፣ንዓወት ኩሉ ግዜ ቀረባ ስለዝኾኑ ደጋጊሞም ንኽጻወቱ ይብህጉ፣ ብዙሕ ግዜ ክዕወቱ ምስትርኢ፣ንስኻውን ከምትዕወት ፈሊጥካ ደጋጊምካ ክትጻወት ትደሊ፣




# ሓደጋታት ናይ ቀጥታ መስመር ጸወታታት

## 1.4 ሓደጋታት ናይ ቀጥታ መስመር ጸወታታት

- እቲ ናይ ቁማር መጻወቲ ኣብ ሞባይል ውን ስለዘሎ ን24 ሰዓታት ኩፉታት እዮም።
- እቲ ገንዘብ ናይ ቁማር ኣይረኣይን እዩ፣ናይ ሓሳብ ገንዘብ ስለዝኾነ ኣብ ለቃሕ-ካርድ ስለዝቕመጥን በዚ ምኽንያት ጌጋኻ ስለዘይርደኣካ ክነድኣካ ይኽእል።
- ቁማር ማሕበራዊ ምቁጽጻር ስለዘይብሉ፣ምኽንያቱ በይንካ ሰለ ትጻወት። ወላ እውን ንነዊሕ ሰዓታትን ወይ ደማ ለይትን እንተተጻወትካ፡ ዘስክፍ ነገር የብልካን ንካልእ ሰብ ከትረድእ፡ ከምኡ ደማ ወላሓደ ምኽሪ ክትረክብ ኣይትከልን ምከንያቱ በይንካ ሰለ ትጻወት።
- ቁጽሪ ዘይብሎም ብዝሒ ጸወታታት ስለዘለዉን፣ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ሓደሽቲ ጸወታታት ስለዝፍነዉን።




ቁማር ኣብ ሃገረ ስዊስዘርላንድ

## 2.1 ቁማር ኣብ ሃገረ ስዊስዘርላንድ

**እንታይ ዓይነት ናይ ቁማር ጸወታታት ኣብ ሃገርካን ሃገረ ስዊዝን ይጽወት?ኣብ ኣትሓሕዛ ፍልልይ ኣሎዶ?**
**ቁማር ኣብ ሃገረ ስዊዝ ከም መዘናግዕን መረጋግእን ኩነተ ኣእምሮ ተሓሲቡ ሕጋዊ እዩ።ነዚ ከኣ መንግስቲ ንናይ ቁማር ቦታታት ሕጋዊ ፈቃድ ብምሃብ ንኹሉ ኣብ ውሽጡ ዝጽወት ቁማር ክቆጻጸሮ ይፍትን።**

**ቁማር ብሕብረት-ሰብ ተቀባልነት ይሃልዎ ኣይሃልዎ፣ብሓፈሽኡ ግን ወልፊ ቁማር ኣብ ሃገረ ስዊዝ ኣብዚ ግዜዚ ኣተሓሳሳቢ(ጽዩፍ) እንዳኮነ ይመጽእ ኣሎ።**

**ወልፊ ናይ ቁማር ፉሉይነት እንታይ እዩ፣ ብፍጹም ከትፈልጦም ኣይካእሉን፣ክትሽትቶ ከትሪኦም ኣይካኣልን፣ቁማርተኛታት ንብዙሕ ግዜ ጸገሞም ሓቢኦም ይኽእሉ ፣ቤተሰቦም ደማ ናይ ቁጠባ ግዳያት ይኾኑ።**




ጸገማት ኣብ ዝረኣይሉ ግዜ ምልክታት

## 2.2 ጸገማት ኣብ ዝረኣይሉ ግዜ ምልክታት

ብሓፈሽኡ ሕማቅ ጎድኒ ናይ ቁማር ዘመልክቱ ምልክታት እንታይ እዮም?
ብሓፈሽኡ ሓደ ሰብ ጸወታ ብገንዘብ ብግዜን ብረብሓን ዘጠቃለለ እንተ ኮይኑ ናቱ ሽግር ዝኸበደ እዩ።
በዚ ምኽንያት ሓደ ሰብ ከምስራሕ ዝኣመሰለ ነገራት ሸለል እንዳበሎ እዩ ዝነብር።
ምስ ስድራኻ ወይ ከኣ ኣብ ሞያዊ ስራሕካ ከተሕልፎም ዝግበኣካ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንከይተሕልፎ ዕንቅፋት ዝኾኑ ስነ-ምግባር፣

ብደገ ዝራኣዩ መልክታትት- ንሱ/ ንሳ

- ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ንከባቢኻ ሸለል ምባል፣
- ገንዘብ ናይ ቤተሰብን የዕሩኽን ምብኻን፣
- ርጉእ ብዘይምኻን እምነት ይጎድልን ጸቕጥታት ይፈጥርን፣
- ንሱ/ንሳ ናይ ምቁማር ባህሪያቶም ብምስጢር ንምሓዝ ንከባቢኦም ብሓሶት ይቐርብዎ።



እንታይ ክንገብር ይግበኣና? ብኸመይ ንሕብር?

## 2.3 እንታይ ክንገብር ይግበኣና? ብኸመይ ንሕብር?

**እንታይ ንገብር?**

**ነቲ ኩነታት ብዕቱብ ንምክትታልን ንዝበለጸ ሓበሬታን ከኣ ኣብ ዌብሳይትና www.sos-spielsucht.ch ብጽሑና።**

**ነዚ ኣርእስቲ ብኸመይ ትገልጾ/ጺዮ?**

**ኣገደስቲ ምኽርታት፣ብዛዕባ ሓቀኛ ምስልኻ ብሓቅን ብግልጽን ተዛረብ፣ «ስለነብስኻ ከኣ ኣነ የስተውዕል እየ»/ «ኣነ ሕማቕ ኣለኹ ምኽንያቱ...»።እዚ ከኣ ጸቕጥታትካ ብመጠኑ ከፍኩሰልካ ይኽእል።እዚ ከኣ ገበናት ይቕንስን «ኩሉግዜ ኣብ ካልእትሓስብ» ። «ገንዘብካ ኩሉ ብምስኮት ደርቢካዮ ቁማር ተልእካ»።**

**ተወሳኺ ሕቶ?ጠጠው ኣእንተዘያቢልካዮ ፣ኣነ ንክሕግዘካ ኸ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

**ከም ግቡእ ከትገብሮ ዘይብልካ?**

- **ገንዘብ ዘይምልቃሕ ፣**
- **ንተጻወትቲ ኣይተመኽንይሎም ፣ንሳ/ንሱ ሓሚሙ ኢልኩም ንወሃቢ ስራሕ ኣይትሕስዉ፣**
- **ክኸውንን ክትገበር ዘየንድልዮ ምፍርራሕ ዘይምገባር ንኣብነት ካብ ናይ ሓባር ገዛ ከትውጽእ ኢኻ ምባል።**




ናይ ሕጊ ኣግባባት ንመእሰያት

## 3.1 ናይ ሕጊ ኣግባባት ንመእሰያት

ንትሕቲ ዕድመ ማለት ካብ 16 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ መንእሰያት ንኽጻወቱ ክልኩላት እዮም።
ብዘይካ ሎቶሪ ማለት እዩ።እዚ ከኣ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ ሕማቕ ንከይወድቁ ደኣምበር፣ንኽቕጽዑ ስለዝተደልየ ኣይኮነን።

ይኹን ደኣ እምበር ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ናይ ሓሶት ሰነድ ብምምጻእ፣ ነቲ ዕድሚኦም ብምውሳኽ ወይ ደማ ኣብ ቐጥታዊ መስመር ለቃሕ ካርድ ብምምጻእ፣ብቀሊሉ ክቃመሩ ይፍትኑ።

ብቐጥታ መስመር ካብ ሕጊ ወጻኢ ቁማር ምጽዋት ኣየቕጽዕን እዩ።ሕጋውነት ውን የብሉን።ንኣብነት ምስ ትዕወት ሽልማትካውን ዘይክትወስድ ትኽእል።



ናይ ምክልኻል ሜላ ንመእሰያት

## 3.2 ናይ ምክልኻል ሜላ ንመእስያት

ብሓባር ምዝርራብ ሓጋዚ እዩ፣ ብዝዕባ ድሌቶም ምስ ዉልድካን መንእስያትን ተላዚብ፣ ተገዳስነት ኣርእይ ኣብቲ መዓልታዊ ሂወቱ ብዘየገድስ ናይ ቪድዮ ጸዋታ ይኩን ናይ ገንዘብ ጸወታ ይዅን ስፖርት ዘገድሶም እንደሐር ኮይኑ ሓጋዚ እዩ ቁኑዕ ዝምደናታትን ርክባትን ከትገብር። ኣብቲ ኣርእስቲ ግን ናይቶም ቆልዑን መእስያትን ዕድመ ኣብ ግምት ይእትዎ።

ናብ ዝሓሸ መንገዲ ንምምላስ ካልእ ዝሓሸ ፍሉይ ሓሳብ ኣለካዶ?

ኣገዳሲ ሓሳብ፣ካብ 5-10 ደቂቕ ውሰድ ንክትዘራረብ። «ኣብዚ ጉዳይ እንታይ ራእይ ኣለካ? «፣»ብብዝሒ እንተተዓዊትካ እንታይ ክትገብር ትደልይ?» «ኣብዚ ጸወታ ብፉላይ ዘገድሰካ እንታይ እዩ?»»ስለምንታይ ይገርመካ?ብሓባር ክትጻወቱ ፈትኑ።

ሰድራቤት ንመንእሰያት ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ዋላእውን ከምኡ እንተዘይመሰለ።
ብሓባር ምኻን ንመንእስያት ካብ ሕማቕ ናይ ጸወታ ባህሪያት ክካላኸሎሎም ይኽእል እዩ።




ናይ ሓደጋ ምኽንያታት ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት

## 3.3 ናይ ሓደጋ ምኽንያታት ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት

### ሓደገኛ ሰነምግባር ኣብ ጸወታ ግዜ

- ብገምጋም ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ካብ ኣርባዕተ ሓደ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ቁማር ይጻወቱ። ሓደ ርብዒ ዝኾኑ ካብ 15-19 ዝዕድሚኦም ኣብ ስዊስዘርላንድ ናይ ቁማር ወልፊ ዘለዎም እዮም። ኣብ ዓበይቲ ሰባት ካብ 1-2% ይኽዉን።
- መንእሰያት ቀሊጢፎም ኣብ ዕዳ ይ ኣትዉ ምኽንያቱ ዉሑድ ገንዘብ ሰለ ዝውንኑ።

### ናይ ሓደጋ ምኽንያታት

ሓደጋ ናይ ቁማር ዘንጸላልዎም ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት

- ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ብብዝሒ ይቃመሩ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ንላዕሊ ክምኡዉን ጸገም ኣልዎም።
- ብንኡስካ ቁማር ምጽዋት ዝያዳ ኣብ ጸገም ትኣቱ
- ኣገባቡ ዘይሓለወ ናይ ጁባ ገንዘብ ምስ ዝረኽቡ ቁማር ንኽጻወቱ ዝሰፍሐ ባይታ ይረሓወሎም።
- ምስ ብዙሕ ስክፍታታትን ሸለልትነትን መንእሰያትን ወለደን ሕጽረት ናይ ምውህሃድን ይረአ



ኣፋውን ክውንነትን መንእሰያት

## 3.4 ኣፋውን ክውንነትን መንእሰያት

**ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሃብታማት ናይ ምኻን ጥሙሕነት ስለዘለዎም፣ብዝቐለለ መንገዲ ድልየታቶም ንምምላእ ዝሓጸረ መንገዲ ቁማር ኮይኑ ስለዝርድኦም ንክቓመሩ ድልየታት የሕድሩ።**

ስለዚ ቁኑዕ መንገዲ ምስኦም ምዝርራብ ኣገዳሲ እዩ።

- ኩሉ ግዜ ትስዕር ማለት ኣይኮነን፣ዕድልካ ስለዘይትፈልጦ፣እዚ ከኣ ኣብ ቁማርን ስፖርትን ማለት እዩ።እዚ ማለት ግን ኣብ ናይ ቁማር ዓለም ዝተወሰኑ ውሑዳት ተቓመርቲ ብቑማር ዝናበሩ የለዉን ማለት ኣይኮነን።
- ኣብ ቁማር ዓለም ካብ ዓወት ስዕረት ይበዝሕ፣እዘን ኩለን ናይ ቁማር ኢንዱስትሪታት ብገንዘብ እየን ዝናበራ።
- ኣብ ሎቶሪ ናይ ዕጫታት ንክትዕወ ዘለካ ኣጋጣሚታት ትሕቲ ናይ ቃሕ ሰም ዕድላት እዩ ዘለዎ።




ኣብ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሰንኪ ቁማር ዝረኣዩ ሽግራት

## 3.5 ኣብ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሰንኪ ቁማር ዝረኣዩ ሽግራት

**ኣስተውዕል፣**
**ኣብ ጉብዝና ዘሎ ውላድካ ወይ ሓውኻ ኣብ መጀመሪኡ ብብዝሒ ዝዕወት እንተ ኾይኑን ናይ ቁማር ወልፈውን ምስ ዝሕዞን ምስኡ ዝተሓሓዝ ብዙሕ ጸገማት የጋጥሞ።**

**ኣብ ዝዕወተሉ እዋን ኣብ ጎኑ ኮይንካ ንክትሕግዞ ፈትን፣ ነቲ ዝተዓወተሉ ገንዘብ ናብ ባንኪ ሓውለሉ፣ስምምዕ እውን ግበር ነቲ ገንዘብ ካብ ባንኪ ኣውጺኡ ንከይጥቀመሉ።ብገለ ሕብረተ ሰብን ሃይማኖትንውን ብቑማር ዝመጽእ ገንዘብ ርኹስ ምኻኑ እዩ ዝግለጽ።በዚ ምኽንያት ከኣ ምስ ኣብ ጉብዝና ዝርከብ ውላድካ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ኮፍ ኢልካ ተዛተ።**

**ብገንዘብ ቁማር ምጽዋት ኩሉ ግዜ ጸገም ኣለዎ፣ነቲ ጸገም ከኣ ብዕቱብ ተኸታተሎ፣ውላድካ መሻርፍ ከመይ ጌርካ ከም ዝዳሎን ብኸመይ ኣብ መዓልኡ ከም ዘውዕሎን ሓበሬታ ሃቦ።**

**ሰነድ ናይ መሻርፍ ከኣ ኣብ ዌብ ሳይት**
www.budgetberatung.ch **ተመልከት።**